OFFICE OF ARTS & CULTURE
CITY OF SEATTLE

# ናይ 2025 ዓ.ም Cultural Facilities Fund (ፈንድ ባህላዊ ትካላት) መምርሒ

## መጠቓለሊ ውህብቶ ገንዘብ

Cultural Facilities Fund ኣብ ሲያትል ዝርከቡ ናይ ስነ-ጥበብ፣ ባህሊን ቅርሲን ትካላት ኣብ ትካላዊ ትካላቶም ይድግፍ። ዕላማና ፍትሓዊ ብዘይኮነ መገዲ ናይ ንብረት በዓል ዋና ካብ ምዃን፣ ንብረት ካብ ምምሕዳር ወይ ድማ ካብ ምክራይ ንዝተገለሉ ሰባት ዝሓሸ ተበፃሕነት ምቕራብ እዩ።

**ብዛዕባ ከይዲ መመልከቲ፣ ብቑዕነት ወይ ድማ ኦንላይን ናይ ቴክኒክ ሓገዝ ሓበሬታ ብዝምልከት ድጋፍ ንምርካብ** ናይ Cultural Facilities Fund ትካል ስራሕ መካየዲ ብCulturalFacilitiesFund@seattle.gov ወይ ድማ ናይ ሽርክናታት፣ ናይ ትምህርትን ውህብቶን ገንዘብ ስራሕ መካየዲ ዝኾኑ Ashraf Hasham (ኣሽራፍ ሃሻም) ብ206-514-1057 ይርከቡ።

**ናይ ኣሜሪካ ምልክት ቋንቋ (ብቪድዮ) ሓዊሱ ብቋንቋኦም ከነጋግርዎም ዝኽእሉ መስተርጎምቲ ኣለውና።** ደዊሎም እንታይ ዓይነት ቋንቋ ከምዝናገሩ ጥራሕ ይንገሩና። ናብ ፃውዒት ስልኪ ዝፅንበር መስተርጎሚ ክሳብ ንረክብ ሓጺር ፃንሒት ክህሊ ይኽእል።

## መመልከቲ

ኣብ ኦንላይን ኣብዚ ኣመልክት፦ https://seattle.fluxx.io/user_sessions/new

ንCultural Facilities Fundን Centering Art & Racial Equityን (ስነ-ጥበብን ምምእኻል ማዕርነት ዓሌትን) ፕሮግራማትና ብሓንሳብ ንምምልካት ድሌት ንዘለዎም ትካላት እዞም ክልተ ናይ ውህብቶ ገንዘብ ተመሳሳሊ ኦንላይን መመልከቲ ይጥቀሙ።

ኮምፒውተር ወይ ድማ ናይ ኢንተርኔት ኣቕርቦት እንተዘይብሎም፣ ብዝተኻእለ ቅልጣፈ ኣፍሉጥናን ንዓኹም ዝኸውን ኣማራፂ ንክትረኽቡ ድማ ምሳኹም ኮይንና ክንሰርሕን ኢና።

## መወዳእታ ዕለት

**ሰሉስ፣ ኦገስት 5፣ 2025 ዓ.ም፣ 5 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት**

በጃኹም መመልከቲኹም ንምምላእ እኹል ግዜ ኣመቻችው። ካብ 5 ፒ.ኤም (ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት) ድሕሪ መወዳእታ ዕለት ንዝኣትው መመልከቲታት ተቐባልነት ኣይህልዎምን።

## ብቑዕነት

- ኣብ ሲያትል ዝመደበሩ ትካል ስነ-ጥበብ፣ ባህላዊ፣ ቅርስታት፣ ወይ ስነ-ጥበብ-ኣገልግሎት ዝህብ ትካል ክትኮኑ ኣለኩም።
    - ከም ንመኽሰብ ዘይሰርሕ ትካል ክትሕወሱ ወይ ድማ ብመኽሰብ ዘይሰርሕ ትካል ብፊስካላዊ መንገዲ ክትምወሉ ትኽእሉ ኢኹም።
    - ከም ንመኽሰብ ዝሰርሕ ትካል ክትሕወሱ ትኽእሉ ኢኹም፣ እንተኾነ ግን ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣታዊታትኩም ናይቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተዛዘመ በጀት ዓመት ካብ $5,000,000 ክሓልፍ የብሉን።
- ኣብ ትካላዊ ዓሌታውነትን ጭቆናን ዝለዓለ ተፅዕኖ ዝሓደሮም ማሕበረሰባት ዝውክሉ ምዃን ከምኡ'ውን/ወይ ንኹሉ ዝሓቖፈ ብዝኾነ መነፅር ፀረ-ዓሌታውነት ዝኾነ ትካል ንምዃን ግዱስነት ክርእዩ ኣለዎም።

- እንተወሓደ ንነበርቲ ሲያትል ህዝባዊ ረብሓ ናይ ምሃብ ናይ ሰለስተ ዓመት ታሪኽ ክህልወኩም ኣለዎ።
- ኣብ ሲያትል ዝካየድ ዘሎ ስነ-ጥበባዊ ወይ ባህላዊ ዓወታት ዝምልከት መዝገብ ከተርእዩ ኣለኩም።
- ናይ ፌደራል ግብሪ ከፋሊ መለለዪ ቑፅሪ ምሓዝ፣ ናይ ሲያትል ከተማ ምምሕዳር ንግዲ ፍቓድ ምሓዝን መደበርኩም ድማ ኣብ ሲያትል ከተማ ክትገብሩ ኣለኩም።

መሰል ኣጠቓቕማን ቁፅፅርን ስራሕ ቦታ፦

- ን"ቅድመ-ርእሰ-ማል" ወፃኢታት፣ ከም መፅናዕቲ ተግባራዊነት፣ ኣገልግሎት ስነ-ህንፃ ወይ ምህንድስና፣ መሰል ኣጠቓቕማን ቁፅፅርን ስራሕ ቦታ ኣየድልን።
- ንምምሕያሽ ትካላት፣ ምሕዳስ ህንፃታትን ካልኦት ብግልፂ ርእሰ-ማላዊ ፕሮጀክትታትን፣ ነቲ ትካል ብዋንነት ወይ ብሊዝ ክትቆፃፀርዎ ኣለኩም (ብውሑዱ ናይ ሓሙሽተ ዓመት መሰል ኣጠቓቕማን ቁፅፅርን ስራሕ ቦታ፣ እዚ ድማ ድምር ናይቶም ኣብ ክራይ ዝተረፉ ዓመታትን ንምንዋሕ ዝሕግዝ ሓደ ወገን ኣማራፂን ክኸውን ይኽእል)።

## ናይ ገንዘብ ምወላ

ናይ ፕሮጀክት ቀጥታዊ ወፃኢታት ንምሕጋዝ **ካብ $50,000 ዘይበዝሕ** ገንዘብ ምሕታት ይኽእሉ። ዝወሃብ ገንዘብ ካብ'ቲ ዝተሓተተ ንታሕቲ ክኸውን ይኽእል። **ካብ መንን ክልተ ብርኪታት ሓገዝ ገንዘብ ንሓዲኡ መመልከቲ ምእታው ይኽእሉ።**

ካብ $25,000 ዘይበዝሑ መመልከቲታት ብብርኪ ሓደ ይርአዩ። ካብ $25,000 ጀሚሩ ክሳብ $50,000 ዝኾኑ መመልከቲታት ብብርኪ ክልተ ይርአዩ። ናይ ብርኪ ክልተ ኣመልከትቲ ንCultural Facilities Fund ቅድሚ ምምልካቶም ናይ ፕሮጀክት በጀቶም 50 ሚኢታዊ ዝተረጋገፀ ምኳኑ ክርእዩ ክኽእሉ ኣለዎም።

## ወርክሾፓት ሓበሬታ

እዚ ናይ ውህብቶ ገንዘብ ብዝምልከትን ብሉፅ መመልከቲኹም ከመይ ምእታው ከም ዝከኣልን ዝያዳ ንምፍላጥ ኣብ ቨርቹዋል ወርክሾፕ ተፀንበሩ። ናይ መጀመሪያ ሰዓት ሕድሕድ ወርክሾፕ ናትና ሴንተሪንግ ኣርት ኤንድ ሬሻል ኢክዊቲ (Centering Art & Racial Equity) ናይ ውህብቶ ገንዘብ ኣብ ምምልካት ከይዲ ዘትኩር ይኸውን። እዚ ናይ Cultural Facilities Fund ውህብቶ ገንዘብ ዛዕባ ኣመልኪቶም ተወሳኺ ናይ ምፍላጥ ድሌት እንተሃልይዎም ምሉእ 90 ደቒቃ ንምፅዳም መደብ ምሓዝ ይኽእሉ።

**ወርክሾፕ 1**
ሓሙስ፣ ሜይ 29፣ 2025 ዓ.ም ካብ 10:30 ኤ.ኤም - 12:00 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት
ብ5/29 ክምዝዕደሙ ንምፍላጥ

**ወርክሾፕ 2 ምልክት ቋንቋ ኣሜሪካ፦ መስተርጎሚ ዘለዎ**
ሶኑይ፣ ጁን 2፣ 2025 ዓ.ም ካብ 2:30 – 4:00 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት
ብ6/2 ክምዝዕደሙ ንምፍላጥ

**ወርክሾፕ 3**
ሰሉስ፣ ጁን 24፣ 2025 ዓ.ም ካብ 12:00 ፒ.ኤም - 1:30 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት
ብ6/24 ክምዝዕደሙ ንምፍላጥ

**ወርክሾፕ 4**
ረቡዕ፣ ጁላይ 9፣ 2025 ዓ.ም ካብ 1:00 - 2:30 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት
ብ7/9 ክምዝዕደሙ ንምፍላጥ